# መቐረት ናጽነት ክንዲ ርዝነት ዋጋኣ

ህዝቢ ኤርትራ :ዘይከምዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦት ኣብ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራትን ድሕሪ መሪርን ነዊሕን ብረታዊ ቃልሲ እዩ ናጽነቱ ተጋናጺፉ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ ንዕለተ ናጽነቱ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ዘብዕላ። ሎሚ ድሕሪ ዕስራ ዓመት ነቲ ትማሊ ዝሓለፍናዮ መስገደል ክንዝክሮ እንከለና : ንገሊኡስ ደምበር ከምዚ'ዩ ነይሩ ትብለሉ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ንምእማኑ ብዘጸግም መድረኽ ሓሊፍና ሎሚ ሓራ ህዝብን ሃገርን ኮይና ኣለና። ኣደራዕ መግዛእትን ኣሳሰይቱን ካኣ ኣብቲ ታሪኽ ዘዳለወሎም ጋህሲ ኣትዮም። ፍልዩነት ታሪኽና ግን : ዘይከምካልኦት ኣህዛብ : ህዝቢ ኤርትራ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ብገዛእ ቅልጽሙ ብዘይ ዝኾነ ይኾን ግዳማዊ ሓገዝ  መደምደምታ ክገብረሉ ምኽኣሉ እዩ።

ብርሃን ክተስተማቕር ኮለኻ ግን ኣብ ዓይኒ ሕልናኻ ቀዳማይ ቦታ ሒዙ ዝሰኣለካ እቲ ጽዓት ኮይኑ ዝመከኸ ዘሎ ባእታ እዩ - ሰማእታት። ሓደ ንዓኻ ሓልዩ ምእንታኻ ዝሕለቕ ሰብ ፈታዊኻ ከም ዝበሃል ሰሚዐ ኣለኹ። ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ህወቶም ናይ ዝውፍዩ ሰማእታት መጠን ፍቅሪ ድኣ ብምንታይ ኪሕፈን እዩ። ንሕሉፍ ፍትወቶም ዝኸውን ቃል ስለዝጸንቐቕኩ ንግዝኡ ርእሰ-ፍትዋት ክብሎም መሪጸ : ንሓዋሩ ግን ዝውክሎም ቃል ናይ ምድላይ ሓላፍነት ንምሁራት ስነ-ቓንቓ ገድፈዮ ኣለኹ። መንፈሶም ይመርሓና መትከሎም ካኣ ስለዝገዝኣና ምሳናን ኣብ ውሽጥናን ዝርከቡ ህያውያን እዮም። ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትና 'ውን ብክብሪ ንዝክሮም : ንክብሮም ካኣ ንቐውም። ብስሞም ማሕላና ንሕድስ መብጽዓ ንኣቱ። ንሶም ዋጋ ናጽነት : ናጽነት ካኣ ሓድጎም ስለዝኾነት : ወለድቲ ናጽነት ኢልና ንጽውዖም። ብዙሕ ግዜ ሰማእታት ዋላ ንሓንቲ ካልኢት ንናጽነት እንተዝርእዩዋ ንብል ቡዙሓት ኢና : እዚ ግን ክቱር ሓልዮት ዝፈጠሮ የዋህነት ደኣ'ዩ ምበር ሰማእታትና ኣሚኖም ንዝሓለፍሉ ዕላማ ኣብ ክውንነቱ ርግጸኛታት እዮም።

ንናጽነት መሪር ዋጋ ዝኸፈልናላ መተካእታ ኣልቦ ስለዝኾነት  እዩ። ናጽነት ትሓቶ ዋጋ ምኽፋል ጥራዩ ነይሩ 'ቲ ምርጫ። ሄወት ወርቃውያን ፍጡራት : ስደትን መከራን ናይ ኣሽሓት ዜጋታት : ሰፍ ዘይብል ንብረትን ዓቕምን ድማ ተኸፊሉ። ናይ ትማሊ ተዘክሮታት ምስ'ናይ ስምብራቶም ኣይሃሰሱን። ከም ህዝቢ : ምረት ትማልን ንኩሎም ዝበድሉናን ይቕረ ኢልና ንኸውን ግን ኣይረሳዕናን : ምኽንያቱ ምረት ትማሊ እንተ ኣስተንቲና ጥራይ'ና መቐረት ናጽነት ክንርድኦ ንኽእል። መቐረት ናጽነት ካብ ሓደ ኣካል ናብ ካልእ ይፈላለ ይኸውን : ምናልባት ነቲ ኣናድዩ ዘምጸኣ ተጋዳላይ ካብቲ ምስኡ እንዳሰረሐ ዝተጸበያ ህዝቢ ንላዕሊ ትኸውን : ኣብ መወዳእታ ግን ንኩሉ ጸሚኡዋ ዝነበረ : ናጽነት ርውየት እያ። ትማሊ ኣብ ሃገርን እንዳተሾቕረራ ዝዛወራ ዝነበራ ኣዴታት ሎሚ ኣብ ጎደናታት ሃገርና ጋይላ ተኺለን ኪድቢላ ምርኣይ ዝፈጥሮ ባህታ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። እቶም ትማሊ ኣባ-ጦር እንዳበሉ ተዳሂሎም ዝሃድሙ ዝነበሩ ህጻናት ከም ኣብታይ ክዕንድሩ ምርኣይከ ካልእ ናይ ሓርነት ዓለም 'ዶ ኣይኮነን። ኣቦታትና ሎሚ ዘይከም ትማሊ ሳላ ደቅና እንዳበሉ ኣፍልቦም ነፊሖም ይኸዱ ኣለዉ። ርእሱ ከድንን ዘይግብኦ ህዝቢ ርእሱ ከድንን የብሉን። ዘይምብርከኽ ህዝቢ ከም ኤርትራ ብክልተ ኣእጋሩ ጠጠው ኢሉ ኣፍ-ልቡ ክነፍሕ ባህርያዊ እዩ። ብሉጻት ደቁ ዝከፈለላ ናጽነት ከመይ ውዘማ ዘይገብረላ : ገንሸል ኣውደኣመት ዝኸፈለት ገዛ ሥኮ ትፍሳህ።

ወለዶ ናጽነት ውን ግድኡ ኣይረሰዐን። ናጽነት ዝጠለበቶ ሂቡዋ እዩ። ናጽነት ድሕሪ ምርካባ ናይ ምዕቃባ ሓላፍነት ተሰኪሙ ; ሓልይዋ : ተኸባኺብዋን። ክትህነጽ ዝተቐረበት 'ምበር ዘይተሃንጸት ሃገር ስለዝተረከበ ካኣ ሃገር ናብ ምህናጽን ልኡላውነት ናብ ምውሓስን ብተውለ ነቘሉ። ሕጂ 'ውን ቀዳማይ ዕላማ ደምበ-ጽላእትና 'ዚ ኣፍራዩ ሓይሊ 'ዚ እዩ። መንእሰይ ኣህውቲትካ ግዳይ ንዱይ ኣታሓሳስባታት ንምግባሩ ዝተፈተነ ዉዲት ብስላ ንቕሓት መንእሰይ በርዒኑ። እንትርፎ ሓደ-ክልተ ዕደታት ሃገሩ

ይሕሊፉ ዝሀብ መንእሰይ ኣይተረኽበን።እዚ ተርእዮዚ ድማ ንጸላእትና ዓቢ ሻቕሎት ኮይንዎም ኣሎ። ናጽነት እምበኣር ንዘልኣለማውነታ ዘውሕስ ሰርትን ሰብኣዊ ዓቕምን ኣጥርያ ኣላ።ሓራ ምኻና ዘይተዋሕጠሎም ወገናት እንተሃልዮም ካኣ ሎሚ ኪኖ ምውሓጡ ካልእ ኣማራጺ የብሎምን።

ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት እንታይ ለዊጥና ኢልካ ምዝራብ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስማዓኒ ። ብጥቁሉሉ ድማ : ብፈተነ ተሳሒልና : ብስራሕና ድማ በሪኽና ንርከብ ንምባል ይካኣል። ሎሚ ድሕሪ 20 ዓመት ንናጽነት ክንቅበላ ከለና መሬትና ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ጥራይ ዘይኮነ ኣእምሮና ‘ውን ካብ ባዕዳዊ ፍልስፍና ሓራ ኮይኑ ኣሎ። ከም ሃገርን ህዝብን ካኣ ንድሕሪት ኣብ ዘይንለሉ ተሪር ባይታ ረጊጽና ኣለና። ልሞዓታዊ መደባትና ልሳኑ ኣውጽኡ ንፈታዊን ጸላእን ይዛረብ ኣሎ። ገስጋስና ‘ውን ምስናይ ኩሉ ዝተኣለሸ ተጻብኦታት ምስክር ሓይልና ኮይኑ ኣሎ። እዚ ኩሉ ክውን ክኸውን ዝኻኣለ ሳላ ናጽነት እዩ። ናጽነት ጥዕምቲ። ተገዲድና ዝኸፈልናዮ ረዚን ዋጋኣ ኣብ መዛግብ ታሪኽና ብክብሪ ተሰኒዱ ኣሎ። መቐረት ናጽነት ግን ክንዲ ርዝነተ ዋጋኣ እዩ።እዚ ካኣ ነቲ ዝኸፈልናዮ ዋጋ ቁዱስ የገብሮ። ከምቲ ኩሉ ግዜ እንብሎን ንዘልኣለም ውን ንደጋግሞ : ዘንትእለታዊ ክብሪ ነቶም ገንሸል ናጽነት ዝኾኑ  ጀጋኑ ሰማእታትና ይኹን።

ዉሁድ ቅኒት ንሃገራዊ ክብረት !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ንኣምን መብራህቱ

ስዊዘርላንድ